# ሽግር ተ.ሓ.ኤ-ሰባ ካብ ስሩ ይቐላዕ

ብ በይሉል (ናይ ብርዒ ስም)

## ራብዓይ ክፋል

*ድሕሪ 3ይ ሃገራዊ ጉባኤ፣- ጉጅለ እቲ ንነዊሕ ዓመታት ዝበሃግዎ ስልጠን ስለ ዝጨበጡ፣ ሕጂ’ኸ ናበይ ዝብል ሕቶ ዘይውጻእ ዓቐበት ኮኖም:: ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ዝኣመትክዎ ናይ’ዚ ቀንዲ ምኽንያት፣ ሃሚ ናይዚ ኣንጃ ስልጠን ደኣ እምበር ክዓኩኽ ዝኽእል ፖለቲካዊ ራኢ ይኹን ምስ ጭቡጥ ኣህጉራዊን ኤርትራውን ሕብረ-ፖለቲካዊ ዝገጥም መደብ ዕዮ ስለ ዘይብሎም፣ ውድብ ደስከለ:: ንምዕቡል ኣሰራርሓ ዝዕድም መደባትን ራእን ብኣባላት ውድብ ይኹን ብካልኦት ምሁራት ዝቐረበ ተሓሰምዎን ነጸግዎን:: ኣማስይኡ ከኣ እዚ ኩነታት እዚ ነቲ ውድብ ንሶም ብዝደልይዎ ኣገባብ ጥራይ እንተዘይጸሪቦሞ፣ ተወጢሖማ ዘለዉ ስልጣን ከምዘይተኣማምን ክበርሃሎም ጀመረ:: በዚ ምኽንያት ንዘይቅበልዎም ንምድስካል፣ ንጉጅለኣዊ ኣባላቶምን ሳዓብቶምን ከኣ ብዝያዳ ኣገልግለቶም ከበረክቱ ዝከኣሎም ገበሩ:: ሓደ ካብቶም ዘድልይዎም ድማ መንግስትኣብ ኣስመሮም ነበረ::*

*መንግስትኣብ ኣስመሮም ከምቶም ኣብ ጸቢብ ምድርኽ ውድብ ራሕሪሖም ውልቃዊ ጥቕሞም ዝመረጹ፣ ንሱ’ውን መነባብርኡ ዓጢጥዎ ንሃገረ-ሽወደን ድሕሪ ምስዳዱ፣ ብ1989 ንሳልሳይ ሃገራዊ ጉባኤ ክካፈል መጸኣ’ሞ፣ ኣባል መሪሕነት ንኽሕጸ ኣዕጊቦም ከምዝምረጽ ገበሩ::*

*ድሕሪ 3ይ ሃ.ጉ. ብቕጽበት ውድብ ኣብ ምጣኑ-ሃብታዊ ጸገማት ኣሎ ብዝብል ምስምስ ብዙሓት ተጋደልቲ ንኽውገኑ ተወሰነ:: እዚ ከምዚሉ እንከሎ ግን ንመግስትኣብ ምሉእ ሰልፈኛ ንክኸውን ደረኽዎ:: ንዘየድልይዎም ቁጠባዊ ጸገማት ስለዘሎ ክትውገኑ ተወሲኑ’ሎ ክበሃሉ እንከለዉ፣ ወዲ ኣስመሮም ከኣ ኣባል መሪሕነት ተመሪጽካ ናበይ.. ነዓ ደኣ ምሳና ተዋደቕ… ዝብል ኩነት ገጠሞ:: መንግስ’ውን ፣ ኣብ ናይ ተመሃራይ ዓለም ስለ ዘሎን፣ 32 ሺሕ ናይ ሽወደን ክራውን( ባጠርያ ሃገረ-ሽወደን) ልቓሕ ስለ ዝእወድ እንተተኸፊልሉ ንኽፍረቕ ፍቃደኛ ከምዝኾነ ኣብረሀ:: ውድብ ከኣ ዝገርም ምጣኑ-ሃብታዊ ከቢድ ጸገማት ኣሎኒ እናበለ፣ ንነዊሕ ዓመታት እሞ ከኣ ብጆካ ቃልሲ ካልእ ሞያ ዘይብሎም ገዳይም ናይ ስድራቤትን*

ቆልዑን ሓላፍነት ዘለዎም ተጋደልቲ ብዘይድልየቶም ከፋንው እንከሎ፣ ነዚ ብውድብ ዓቕሚ እሞ ከኣ በቲ መዋእል ከቢድ ዝኾነ ድምር ገንዘብ ክኸፍል ምስምምዑ፣ ውድብ ኣብ ቁጽጽር እዚ ጉጅለ ከምዝኣተወ ዘመልክት ተወሳኺ ኣብነት እዩ::
እዚ ዕዳ እዚ ነዚ ባእታ ትምህርትኻ ወዲእካ ውልቃዊ ዕዳኻ ከፊልካን ተሰለፍ ክበሃል ምስተኻኣለ:: ቁርብነት ዘለዎ ባእታ ነዚ ንምፍጻም ድሕር ኣይብልን:: ወይ ድማ እንተ ደኣ መንግሰትኣብ ፍሉይ ንውድብ ኣድላዪ ዝኾነ እሞ ውድብ ዝጎደሉ ሞያ እንተዝህልዎ ከም ቅቡል መብረሂ (ምኽንያት) ምስተወሰደ፣ ወዲ ኣስመሮም ግን ካብቶም ካልኦት ካድራት ዝፍለ ካልእ ሞያ ይኹን ኣኽእሎ የብሉን፣ ስለዚ ንውድብ ዓይነታዊ ለውጢ ከልብስ ዘኽእል ባእታ እዩ ኢልካ፣ ዕድኡ ይከፈል ዘብል ዘንተ-ሞጎት ቦታ የብሉን:: ብኻልእ ሸነኽ እንተረኣናዮ’ውን ካብ ኣውሮፓ መጺኡ ዝስለፍ ተረኺቡስ... ደሓን ዕድኡ ተኸፊልሉ ይቃለስ ዘብል ቁጠባዊ ትሕዝቶ ኣብ ዝቦኸረ መዋእል እዚ ተረኺቦ ብምፍጻሙ፣ ነዚ ውሳነ ዝደረኸ እንኮ መግለጺ እዚ ዝስዕብ እዩ፣ ንሱ ከኣ እዚ ኣንጻ እዚ ኣገደስቲ ትካላት ውድብ ብባእታታቱ መታን ክመሓዳደሩን ኣማስይኡ ድማ ውድብ ብዘገልግሎም መንገዲ ክጸርብዎ ስለ ዝወሰኑ መንግስትኣብ ኣስመሮም ሓደ ኣገዳሲ ቤት ጽሕፈት ክዓጽወሎም ስለ ዝደለይዎ እየ:: ኮይኑ ድማ ነዊሕ ከይጸንሐ እዚ ባእታ ሓላፊ ስርዒታዊ ቤ.ጽ. ኮነ::

መንግሰትኣብ ሓለፊ ስርዒታዊ ቤ.ጽ. ካብ ዝኸውን ንነጀው ኣሎ ኢልካ ክትዝክሮ እትኽእል ንውድብ ዝጠቅም ዝገበሮ ኣስተዋጽኦ በፍጹም የሎን:: ብኣንጻሩ ስርርዕ ኣብ ምብታን ደኣ ተሳሕለ:: ንኣብነት ገለ ካብ ዝተጻወቶ ተራ ንምጥቃስ ዝኣክል፣ ኣብ ሃገረ ነርወይ ዝነበረ ስርርዕ ውድብ ዝነበሮም ውሽጣዊ ግርጭት ኣብ ክንዲ ዝኣለዮ ነዚ ከም ምኽንያት ተጠቒሙ ኣደስኪልዎን ኣፍሪስዎን ደኣ ተመለሰ:: ኣብ ጀርመን ኣብ ዩትበሪ ዝነበረ ስርርዕ ን24 ኣባላት ውድብ ሰሪዙ፣ ንክልተ ጥራይ ብምግዳፍ ኣፍረሶ:: ኣብ ሃገረ ሸወደን ዓዲ ጥልያንን ተመሳሳሊ ስርሓት ኣሳለጠ:: ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ስርርዕ ምስ ኢብራሂም ብምትሕብባር ልዕሊ 20 ጨናፍር ኣብ ምብታን ዓቢ ግደ ነበሮ:: ኣብ ጀርመን እውን እነተኾነ፣ ኣብ 2003 ዝተጻወቶ በታኒ ግደ ብዝምልት ብዙሕ ስለ ዝተጻሕፈ ኣብዚ ምድጋሙ ኣድላይነት የብሉን:: እሞ ንውልቃዊ ዕዳ ዝተኸፍለ በቲ ግዜ እቲ ልዕሊ 32000 ናይ ሸወደን ክራውን ወለድ ከይጸንበርካ ነዚ ድዩ!! ዘብልዶ ኣይኮነን? እዚ ገለ ካብ ኣዕናዊ ግደታቶም ክሸውን እንከሎ፣ ዕላምኡ ከኣ ውድብ እቲ ጉጅለ ብዝደልዮ ኣገባብ ንምቅራጽን ንዝቅበልዎም ኣባላት እንተዘይኮይኑ ንካልኦት ካብ ውድብ ንምልጋስ ዝሃቀነ ስርሒት እዩ::

እቲ መሪር ሓቂ፣ እቶም መትከላዊ ጀብሃዊ መርገጽ ዘገድሶም ኣባላት መሪሕነት (ሰውራዊ ባይቶ) ውሁዳን ቁጽሪ ዝኣተዊሉ ወቕቲ ካብ ሳልሳይ ሃ.ጉ. ንነጀው እዩ:: ኣብቲ መዋእል ግና

መሰረታት ውድብ ብዲምክራሲያዊ ኣገባብ ዝተመርጸት መሪሕነት ክሳብ ካብ መትከላት ውድብ ብጋህዲ ዘይወጸት ደም እናጠዓሞ ተቐይዱ ይኸይድ ነይሩ:: ብቃልሱ ከኣ ውድብ ናብ ኣድማዒ ተር ግዲኡ ንምስግጋር ከምዝበቅዕ ብምትእምማን ግቡኡ ካብ ምፍጻም ከቶ ኣይተቆጠበን:: የግዳስ ከምዚ ሎሚ ግሁድ ኮይኑ ዘሎ እቲ መንሽሮ ውድብ ኣበይ ከምዘሎ ንብዙሓት ብሩህ ብዘይምንባሩ፣ ዕድመ እዚ ኣንጃ ክናዋሕ ከኣለ::

ውድብ ከኣ ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከሎ ራብዓይ ሃገራዊ ጉባኤ ገበረ:: ኣብዚ እውን እንተኾነ ዓይነታዊ  ለውጢ ኣይተራእየን፣ ባሓጺሩ ጉጅለ፣ ስልጣኑን ናይ መሪሕነት ዓብላልነቱን ደጊሙ ኣረጋገጸ:: ኮይኑ ግን ኤርትራውን ኣህጉራውን ፖለቲካዊ ኩነታት ሓደስቲ ረቛሒታት እናሓዘ ብምምጽኡ እዚ ክውንነት እዚ ንኤርትራውያን ብሓፈሽኡ፣ ንውድባት ከኣ ብፍላይ፣ ክጸልወን ጀመረ:: ንሱ ከኣ ናይ ተጸዋዊረካን ተኸኣኢልካን ሃገር ናይ ምድሓን ኣምር ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል:: ውድባት ኣብ ክንዲ ዝነጻጸጋ፣ ዝተሓተ ናይ ሓባር መድርኻዊ መደብ ዕዮ ሓንጺጸን ብሓባር ክሰረሓ ተደላይነቱ ወዓል ሕደር ዘየድልዮ ኣምር ኮነ:: ስለዚ ክቀራረባ ከምዘለወን ናይ ኣባላተን ቀንድን እዋናውን ጠለብ ኮነ:: ኣባላት ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባ. ከኣ እዚ ሓቅነት ብኣግኡ ተገንዚቦም ንመሪሕነቶም ናብኡ ገጹ ክደፍእ ደረኾዎ:: መሪሕነት ውድብ ብጉጅለ ዝተዓብለለ ብምንባሩ ዕንቅፋታት ክኾነፍ ናይ ግድን ነበረ፣ ምኽንያቱ ከኣ ውድብ ኣጽቢቡ ብዘገልግሎ ኣገባብ ክጸርብ ዘንቀደ ጉጅለ፣ ኣብ ሰፊሕ ናይ ቃልሲ ሜዳ ክኣትው ምቕባል፣ ንዕድሚኡ ዘሕጽር ረቛሒታት ከምዘስዕብ ስለዝርዳእ፣ ቅድሚ ስልጣኑ፣ ረብሓ ሃገርን ህዝብን ክዓጦ ከምዘይክኣል ርዱእ እዩ::
ንኩሉ ዝጸንበረ ሃገራዊ ሓድነት ተበግሶታት ምስተጀመረ ከኣ፣ ናይ ጉባኤ ውሳነ ማለት(ኣብ 3.ይ ሃ.ጉ.) .. *ወድብ ምስ ትሕተ ሃገራዊ መደበ-ዕዮ ዘለወን ውድባት ርኽክብ ክገብር ስለ ዘየፍቅድ...* ጉጅለ ነዚ ተሞረኪዙ ካብ እዋናዊ ጠለብ ክኹብልል ሕጋዊ መንገዲ ረኸበ:: የግዳስ እዚ ውሳነ እዚ ምስቲ ተፈጢሩ ዘሎ ውድዕነት ከምዘይቃዶ ንመብዝሕትኡ ኣባላት ውድብ ብሩህ ነበረ:: ጉጅለ እውን ብሜላ ክዕንቅፍ እንተዘይኮይኑ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኣምር ዕረ እናጠዓሞ ኣጽደቖ:: ነዚ ብዝምልከት ዶ. ተስፋጽዮን መድሃነ ዝተጸንዐን እዋናዊ መደረን ጽሑፍን ኣብ መበል 12 ዓመታዊ ሰፊሕ በዓል ኤርትራ- ኣብ ካስል ብ1997 ነሓሰ ኣቕረበ:: የግዳስ ድሕሪ እቲ ፌስቲቫል በዚ ጉጅለ ኣንጻር ዶ. ተስፋጽዮን ዘይሓላፍነታዊ ናይ ጸለመ ወፍሪ ተኻየደ:: ንርእይቶ ናይ ዶክቶር ምቕባልን ምንቃፍን ወላውን ምንጻግ ናይ ነፍስ ወከፍ ሰብ ይኹን ውድብ መሰል እኳ እንተኾነ፣ ዝተኻየደ ጸለመ ኣብ ልዕሊ ርእይቶ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ውልቅኡ ከም ሰብ እውን ብምንባሩ፣ ብሓቂ ዘሕንኽ እዩ:: ዕላማ ናይዚ እከይ ወፍሪ ድማ ተስፋጽዮን ዘልዓሎ ወድዓዊ ትንተናን ፖለቲካዊ ኣድላይነትን ንውድብ ከይጸልውን ከየላዕልን ክኸውን እንከሎ፣ እቲ ውልቃዊ ጸለመ ከኣ፣ ናይዚ ጉጅለ ጸረ-ምሁራን ልሙድ መግለጺ'ዩ::

እዚ ጥራይ ዘይኮነ:- ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ እቲ ቀንዲ ዕላማ እዚ ጉጅለ፣ ውድብ በዓቐን ይኹን ብዓይነት ጥቕሞም ብዘይሕልው ንኽይዓቢ ስለዝኾነ፣ እቲ ውደብ ብዓቐን ከመይ ይድቆስ ንዝምልከት፣ ኣብ ላዕሊ ከም ዝራኣናዮ ውድባዊ ስርዒታት ምፍራስን ምብታን ክኸውን ከሎ፣ ብዓይነት ንምድካዩ ድማ እቶም ፣ምኩራት፣ ውፉያት፣ ምሁራት ዘበሉ ኣባላትን ደገፍትን ብዝተፈላለየ መገዲ ካብ ውድብ ከምዝርሕቁ ምግባር አዩ:: ስለ ዝኾነ ድማ ከም በዓል ተስፋጽየን ዝኣምሰሉ ውድብ ይኹን ህዝቢ ኤርትራ ዘድልዮ ክእለት ዝውንኑ ምሁራት፣ ከምዚ ዓይነት መኸተ ክገጥሞም በዚ ጉጅለ'ዚ፣ ባህርያዊ ጌረ እየ ዝወሰዶ ::. እንተኾነ ዶ ተስፋጽየን የኹን ካልኦት ሓለይቲ ሃገር ብባህርያቶም ንኽትቃለስ'ሲ ቃልሲ ከምዝሓትት ኣንጊሁ ኣብ ሓንጎሎም ከምዝቐረጸ እኣምን:: ስለዝኾነ ድማ ኣብዚ ዝተኻየደ ውድብ ናይ ምድሓን ታሪኻዊ ቃልሲ፣ ኣብ ጎኒ መሰረታት ደው ብምባል አገዳሲ ተራ ተጻዊቶም እዮም::

ናብ'ቲ ቀንዲ ተሕዝቶ ንምምላስ ድማ፣ እቲ ዘገርም ብዙሕ ከይጸነሐ ውድብ ብሳላ ተጽዕኖታት ኣባላቱ ነቲ ዶ. ተስፋጽየን ዝኣመቶ ብዕሊ ደኣ ተቐበለ:: ውድብ ድማ ምስቶም ብሓውና ስዮም ኣገላልጻ ´ … ምስ ጨሓማት…` ከይተረፈ ኮፍ በለ:: ከም ኣመሉ ድማ ሕንኽ ከይበለ … *ብሳላ ጻዕርናን ተበግሶናን ዝተረኽበ መኽሰብ* … ክብል ጨደረ:: የግዳስ ብግብሪ ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ልዝብን ኣብ ሓባር ነጥቢ ንምብጻሕ ዝሰላሰል ዝነበረ መስርሕ ካብ ምትዕንቃፍ ኣይተቆጠቡን:: ምስ ምሕዝነት ኣብ ዝግበር ዝነበረ ርኽክባት ንከይዕወት ዝከእሎም ገበሩ:: ኣብ ውሽጢ ውድብ እውን ኣባላት ንምድንጋርን ኣንተተኻኢሉ ምስ መርገጾም ዝሳነ ኣረዳድኣ ክሰፍን ብምሉእ ዓቕሞም ጸዓሩ:: ንኣብነት ፣-

1. *መስከረም* 11 1998 ኣብ ፍራንክፈርት ብዓብደላ እድሪስ ኣብ ዝተገብረ ናይ ምሕዝነት ኣኼባ፣ ንጉሰ ጸጋይ ብሕሹኽሹኽ ኣባላት ውድብ ንከይካፈሉ ዝከኣሎ ገበረ::
2. ጥሪ 21 2001 ኣብ ፍራንክፈርት ብተወልደ ገብረስላሰ ዝተኻየደ ናይ ምሕዝነት ኣኼባ ስዩም ብጋህዲ ኣድማ ገይሩ ወዓለ::
3. ለካቲት 2 2001 ኣብ ከተማ ካስል ብስዮም ዝተመርሐ ናይ ውድብ ሰሚናር ከምዚ ዝስዓብ ማለት፣ ` *…ምሕዝነት ከም ዝፈረሰ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ክትሰምዑ ኢኹም …..*´ ክብል ሓውና ስዩም ኣስመዐ::

ስለዚ እዚ ጉጅለ ይኹን ስዩም ዕማም ሃገራዊ ልዝብ ኣብ ኣጀንደኦም ከም መታለሊ እንተዘይኮይኑ ብዕቱብነት ዝጥምትዎ ጉዳይ ከምዘይኮነ ብኣግኡ ብሩህ እዩ ንይሩ::

ድሕሪ 3ይ ሃገራዊ ጉባኤ ብሕልፊ ከኣ 4ይ ሃ.ጉ. ኣባላት ኣንጃ ስጥምነቶም ክብተን ጀመረ:: በዚ ከኣ ነፍስ ወከፍ ጥቅሙ ጥራይ ከም ቀዳማይ ዕማም ብምውሳድ ገሊኦም ውድብ ጠንጢኖም መነባብረኦም ጥራይ ክገብሩ እንከለዉ፣ ገሊኦም ግን ውድብ ተሞኽሊዮም ጥቅሞም ዘደልድልሉ ኣገባብ ኣናደዩ:: ሓደ በዚ ኩነታት ውልቃዊ ረብሓታቱ ዘደልደለን ምናልባት እውን ውድባዊ ቦትኡ ንረብሓ ካልኦት ዘውዓለ ንጉሰ ጸጋይ እዩ:: ገለ ነዚ ጠቒሰዮ ዘለኹ ሓቅታት ንምእማት ተግባራቱ ንምጥቃስ ዝኣክል፣-

1. ካብ 1997 ክሳብ 2000 እዚ ባእታ ብቐጥታ ብእብራሂም ትእዛዝ ሓላፊን ብተወሳኺ ተሓዝ ገንዘብን(ኣብ ውድብ ዘይልሙድ ኣገባብ) ክለብ ሓደ መስከረም ኣብ ፍራንክፈርት ኮይኑ ኣብ ዘተዋሳኣሉ እዋን፣ ጸብጻብ ገንዘብ ንኣባላት ውድብ ከቕርብ ብተደጋጋቢ ተሓቲቱ ፍቓደኛ ኣነበረን፣ ክሳብ ሎሚ ጸብጻባቱ ንመሰረታት ውድብ ኣየቕረበን:: እቲ ገንዘብ ክሳብ 200 ሽሕ ማርክ ይግመት::
2. ብ 2000 ኣብ መበል 15 ሰፊሕ በዓል ኤርትራ ኣብ ካስል ዝተቐድሐ ኣገዳሲ ንህ.ግ. ዘሰንበደ ፌስቲቫል ንዝተቐርጸ ቪድዮ ካሴት ተበላሽዩ ብምባል ከምዘይዝርጋሕ ገበረ:: ነቲ ቪድዮ ዝቐረጸ ሰብ ከምዘረጋግጾ ግን ኣባህላ ንጉስ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ምኽኑ ጥራይ ዘይኮነስ፣ እቲ ካሴት ብዓይነቱን ኣቀራርጽኡን ካብተን ዝሓሻ ሓደ ምኽኑ እዩ ዘረጋገጽ:: እቲ ዘገርም ድማ፣ ፍልማዊ ቕዳሕ ቪድዮ (ብዘየገድስ ኩነታቱ) ኣበይ ከምዘስፈሮ ኣይፍለጥን::
3. ካብ 1996 ክሳብ 2000 ብኢብራሂም ዝተዋህቦ ስልጣን ተጠቂሙ እዚ ባእታ ገባርን ሓዳግን ናይ ሰፍሕ በዓል ኤርትር ካስል ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ ከምቲ ልሙድ ንመሰረታት ጸብጻባቱ ክቅርብ ዝግበኦ ክነሱ፣ ብተደጋጋሚ ተሓቲቱ ኣሻፈረኝ ምባሉ ጥራይ ከይኣክል፣ መሪሕነት ውድብ እውን ነዚ ብተደጋጋሚ ተሓቢሩ ጸማም እዝኒ ደኣ ተዋህበ:: ንጉሰ ከኣ ድማ  እንታይ ጸብጻባት ኣቕሪቡ ኣየቕረበን (ብፍላይ ገንዘባዊ ጠቀስ) ክሳዕ ሕጂ ዝፈልጥ የሎን::
4. ንጉሰ ጸጋይ ካብ 1998 ክሳብ 2001 ቅቡልን ልሙድን ብዘይኮነ ኣገባብ ናይ ምሉእ ኣውሮፓ ፣ ኣስያን ኣሜሪካን ተሓዝ ገንዘብ ጥራይ ዘይኮነስ ብተወሳኺ <u>ተቖጻጻሪ</u> ገንዘብን ንብረትን ናይውድብ ኮይኑ ምስተሸመ፣ ብተዳጋጋሚ ንውድብ እዚ ኣገባብ ንብልሽውና ዝዕድም እዩ ተባሂሉ ብመሰረታት ውድብ ንዝቐረበ ለባዋ ፣ መሪሕነት ጸማም እዝኒ ክህብ መሪጹ::
5. ኣብ ልዕሊ እዚ ኩሉ ስልጣን፣ ንጉሰ ብተወሳኺ ኣብ ኣውሮፓ ሓላፊ ክፍሊ ባህልን ዜናን ንክኸውን ብኢብራሂም ምስተመረቀሉ፣ እዚ ባእታ እዚ ንኣባላት ክፍሊ ባህሊ

ነንሕድሕዶም ብሕሹኽሹኽ ብምግጫው ክሳብ ሰላምታ ብጻይ ከምዝተሓራረሙ ገበሮም ክወሃቦም ዝግባእ ዝነበረ ገንዘብ እውን ሓረሞም:: ንክፍሊ ሬድዮ ድማ ናብ ናይ ሓሶቶም ልሳን ለወጣ::

6. ካብ ኩሉ ዘሰንብድ ከኣ፣ እዚ ባእታ ብውድብ ምስ ገለ ሰባት ኣብ ኤርትራ መባእታዊ ርኽክባት ንኽገብር ንዝተዋህቦ ሓላፍነት ድሕሪ ምርካቡ፣ እቶም ንሱ ዝፈልጦም ዝነበሩ ባእታትት ኩሎም ድሕሪ ገለ እዋን ብጸጥታ ህ.ግ.ድ.ፍ. ተለቂሞም፣ ኣብዚ እዋን ሃለዋቶም ኣይፍለጥን::

ስለዚ እዚ ባእታ እዚ ኣብ ልዕሊ ውልቃዊ ጥቕምታቱ ምዕዋቱ፣ ንመን እዩ ዘገልግል ነይሩ ዝብል ሕቶ ክለዓል ናይ ግድን ይኸውን.. ግዜ ዘየጋልጾ ስለ ዘየሎ መዋል ከቃልዖ እዩ::

ኣባላት ውደብ ድማ ኣብ 5ይ ሃገራዊ ጉባኤ፣ ናይ ኢብራሂም ከም ኣቦ መንበር ዝተጻወቶ ኣሉታዊ ግደ ድሕሪ ምዕዛብ ድምጾም ሓረምዎ፣ የግዳስ ንሱር ናይዚ ጉጅለ ወሳኒ ተራ ንምድኻም ብዝምልከት፣ ንመብዝሕትኡ ኣባል ብሩህ ስለዘይነበረ መሪሕነታዊ ዓብላልነቶም ብመጠኑ ከዕውቱ ክኢሎም:: ነዚ ኩነታት ዘንበበ ኢብራሂም ውጽኢት ጉባኤ ብትዕግሰቲ ተቐቢሉ፣ ባይታታቱ ጌና ከምዘይቀሃመ ስለዝፈለጠ፣ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆላ መደባቱ ዳኣ ተዓጥቀ:: ድሕሪ እዚ እዋን ጉጅለ ብመሰረቱ ከም ቀደሙ ክኸይድ ከም ዘይክእል ስለ ዝተረደአ፣ ንገለ 20 ዓመታት ዝነበሮ ምትእስሳር ለውጢ ከተኣታትውሉ ተገደዱ፣ እቶም ብቅጥዒ ዝሰኣነ ብዝኾነ መንገዲ ናይ ስልጣን ሕቶ ዘቀደሙ ባእታታት፣ ዝሓለፈ ጎንጽታቶም ንግዚኡ ንጎኒ ገዲፎም ብዘራኽቦም ዝምባሌታት ክጨናነዉ ጀመሩ:: ኮይኑ ከኣ ካብኡ ዝለወጠ ንስሙ ብስዩም ዝምራሕ ኣንጃ ከምቲ ሓደ ሓው ዝገለጾ፣ "ምሕዝነት ግንጢታት" (*The alliance of the odds*) ኣብ ካልኣይ ስሩሕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ብ2002 ብጋህዲ ተቐልቀለ:: ነዚ ብዝምልከት ብዙሕ ስለ ዝተጻሕፈ ደጊምካ ምጥቃሱ ኣድላይነቱ ኣይርኣየንን:: የግዳስ ክዝከር ዘለዎ ጉዳይ እንተሎ፣ምሕዝነት ግንጢታት ጥቅሞም ጥራይ ስለ ዘቐድሙ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ብውድብ በቲ መዋእል እውን እነተኾነ ባኣኣቶም ብብልሽውና ዝተጠላቐየ እዩ ኢሎም ንዝገልጽዎም እውን ብዘይ ሕንከት ክመሓዘዉ ከምዘየጸግሞም ብሩህ እናኾነ መጸ:: ነዚ ብዝምልከት ጉዳይ ኣሰፋው በርሀ ዓቢ ኣብነት እዩ:: ኣሰፋው በርሀ ትማሊ ዝገልጽዎ ዝነበሩ ረሲያም ከም ውፉይ ተቓላይ ከላልይዎ ዝፍትኑ ዘለዉ ሓቂ ድዩ !! ? ብብልሽውና ኽ ኣይተጠላቐየን ዶ ...? ... ኣብ መጻኢ ክፋለይ እስከ ንርኣዮ::

**ይቕጽል**